ማእከል ቤት ህንፀት ኣክሱም ንተሃነፅቲ ሕጊ ዝዉዕል ምግቢ ኣብ ዝህነፅሉ ቦታ እናቅረቡ ንዝምግቡ ሕጋውያን ነጋዶ ብሕጋዊነት ዝተወደቡ ማሕበራትን ኣጫሪቱ ንሐደ ዓመት ውዕሊ ኣሲሩ ከመግብ ይደሊ።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ሕዳር 19, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ዓርቢ ታሕሳስ 5, 2011 04:00 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:20000.00
ቦታ:ኣክሱም
ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ዓርቢ ታሕሳስ 5, 2011 04:15 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ኣቅርቦት ምግቢ /

1 ምስ ምግቢ ዝተትሓሐዘ ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለኩም 2010/2011ዓ/ም ዝተሓደሰ ፍቃድ ንግዲ ዘለኩም

2 ናይ 2011 ዓ• ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ ዘለኩም ዝተሓደሰ መቅረባይነት ካርዲ መለለዩ ቁፅሪ ወይ ድማ ቲን ነምበር ተወሳኪ እሴት ታክስ ወይድማ ቫት ምስክር ወረቀት ከምኡዉን ናይ ወርሒ መስከረም 2011 ዓ• ም ሒሳብ ዘፍለጥሉ መረዳእታ ምስ ዘይምለስ ዋናን ቅዳሕን ከቅርብ ዝኽእል።

3 ማሕበራት እውን ተወሳኺ እሴት ታክስ ዝኾኑን ብተወሳኺ በቲ ናይ ማሕበር ሕጊን ደንቢን መሰረት ዘማልኡ ከኾኑ ኣለዎም።

4 ተጫረቲ ኣብ ዝቀርብ መወዳደሪ ሰነድ ስርዝ ድልዝ እንተሃሊዎ ተቀባልነት የብሉን ።ከምኡዉን ናይቲ ትካል ሽምን ፊርማን:ኣድራሻን:ክህሉ ኣለዎ ። ኣብ ምግቢ እትወዳደሩ ተወዳዳሮ ነጋዶ ንሓደ ናይ ሕጊ ተሃናፃይ መዓልታዊ 15 ቅርሺ ምስ ቫቱ ምካኑ ፈሊጥኩም ክትወዳደሩ ይግባእ።

5 እቲ ጨረታ ዝርከበሉ ኣብ ማእኸል ቤት ህንፀት ኣክሱም ደ/ከ/ስ/ዕ/ፋይ/ምም/ር/ንብረትን ቢሮ ቁፅሪ 12 ብምቅራብ ንዝተዳለወ ስሩዕ ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 50.00 ቅርሺ ብምኽፋል ኣብ ስራሕ ሰዓት መፂኢኩም ክትወስዱ ንሕብር።

6 እቲ ጨረታ ዝወፀኣሉ ዕለት 19/03/2011ዓ/ም ክሳብ 05/04/2011 ዓ/ም ሰዓት 4:00 ቅ.ቀትሪ ብዝተዓሸገ ፖስታ ዋና ምስ ዘይምለስ ቅዳሕ ብምትሕሓዝ ኣብቲ ቤት ፅሕፈት ዝረከብ ሳንዱቅ ጨረታ ምእታው ትኽእሉ።

7 እቲ ጨረታ ዝክፈተሉ ድማ በቲ ዕለት እሱ 05/04/2011 ዓ/ም ሰዓት 4፡00 ተዓፅዩ ልክዕ ሰዓት 4፡ 15 ናይ ንጉሆ ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረከብሉ ይክፈት። ዘይተረኪቦም ድማ ኣብ ዘየለውሉ ይኽፈት።

8 መኽበሪ ጨረታ ንምግቢ 20000.00 ብጥረ ገንዘብ ወይድማ ብሲፒኦ ከትሕዙ ዝክእል ፤

9 ማእከል ቤት ህንፀት ኣክሱም እቲ ጨረታ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብክፋል ይኩን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስልኪ ቁፅሪ 0347-754682 ምድዋል ይከኣል እዩ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle